# ኣገዳሲ ሓበሬታ ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ

1. **ብኸመይ ሰብ እዚ ኾሮና ቫይረስ ይመጾ?** እዚ ቫይረስ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይመሓላለፍ። እዚ ዝከውን ከኣ ንኣብነት ብሰዓል፣ ብዘረባ ወይ ድማ ብሰላምታ እዩ።

2. **ብኸመይ ይፈልጥ ሰብ እቲ ቫይረስ ከም ዘለዎ?** እንተድኣ ኣቲ ሰብ ኾሮና ቪሩስ ኣለዎ፣ ከም ሰዓል፣ ናይ ኪሳድ ሕኸኽ፣ጸረርታን ረስንን ይገብረሉ። እዚ ከኣ ተመሳሳሊ ከም እንፈሉወንዛ እዩ። ንሓደ ሓደ ሰባት ወን የውድቆም እዩ። ንገለ ገሊኦም ትሓከምቲ ውን ዝኸፈአ ካብ ካልኦት ናይ ምስትንፋስ ጸገም ወይ ውን ረኽሲ ናይ ሳንቡእ ይገብረሎም። እንተደኣ እቲ ሰብ ቪሩስ ኣለዎ፣ ን 14 መዓልቲ ዝኾውን ኽጸንሕ ይኽእል እዩ፣ እዚ ተርእዮታት ኸይጀመረ።

3. **ስለምንታይ እዩ እዚ ኾሮና ቪሩስ ሓደጌኛ ኾይኑ?** ኣብ ዝበዝሐ ሰብ እዚ ሕማም ኾሮና ቪሩስ ፍኩስ ዝበለ እዩ። ብ 15% በቲ ሕማም ዝተጠቕዐ ግን፣ ኸቢድ ናይ ምስትንፋስ ጸገም ን ረኽሲ ናይ ሳንቡእ ዩገብረሎም። በዚ ሕማም ዝሞቱ ግን ዝበዝሑ ዓበይቲን ሑዱር ሕማም ዝነበሮምን እዮም።

4. **እንታይ ኽገበር ኣለኒ ፣ እንተደኣ እቲ ምልኽታት ኣለኒ?** ዝኮነ ረስኒ፣ሰዓል ወይ ውን ሕጽረት ትንፋስ ዘለዎ ኣብ ሓደ በታ ኣቀዲሙ በቲ ቪሩስ ዝትለኽፉ ሰባት ዝነብር እንትኮይኑ ናብ ሓኪም ብምድዋል ቆጸራ ይሓዝ።እንተደኣ ረስኒ፣ሰዓል ወይ ከኣ ሕጽረት ምስትንፋስ ኣለካ ምስ ሰባት ምርኻብ ኣውሕድ። እንተወሓደ ካብ 1.5 ክሳብ 2 ሜትሮ ካብ ሰባት ምርሓቕ። እንተተኻኢሉ ካብ ገዛኻ ወይ መደቀሲ ክፍልኻ ዘይምውጻእ። ክትስዕል ወይ ድማ ክትህንጥስ ኢድካ ምዕባስ ወይ ድማ ሶፍት ምጥቃም፣ ድሕሪ እዚ እቲ ሶፍት ብቑልጡፍ ኣብ እንዳ ጎሓፍ ምድርባይ። የእዳውካ ብቕጻልን ብግቡእን  ብፍላይ ድማ ድሕሪ ካብ ዓይኒ ምድሪ ምውጻእካን መግቢ ምቕራብካን ምሕጻብ።

5. **እንታይ ክገብር ኣለኒ፣ እንተደኣ ምስ ሓደ በዚ ሕማም ዝተለኽፈ ሰብ ተራኺበ?** እንተደኣ ምስ ሕደ ብሕማም ኮሮና ቫይረስ ዝተለኽፈ ሰብ ተራኺብካ ናብ ሓኪምካ ወይ ድማ ናብ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ማእከል ጥዕና ብምድዋል ሓብሮም። መስመር ቴለፎን ምስ ብዝሒ ደወልቲ እንተደኣ ተታሒዙ፣ ናብ ሚኒስትሪ ጥዕና በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ 030 346 465 100 ደውል።ተቐባሊ ቴለፎን ናይዚ ቁጽሪ ቋንቋ ጀርመን ወይ ዶች ጥራይ ኢዩ ዝዛረብ።እንተደኣ ምስ ብዙሓት ሰባት ኣብ ሓደ በታ ትቕመጥ ኮንካ ወይ ውን ኣፍቲ መቀብሊ ቦታ ትነብር ትኮንካ፣ ብቑልጡፍ ሓብር ነቶም ኣማከርቲ ኣካላት። ና ቤት ትምህርትኻ፣ ስራሕካ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ወይ ድማ ናይ ሞያ ትምህርትኻ ሓብር።

6. **ኮሮና ቫይረስ ኣብ ማዓልታዊ ሂወትና ዘስዕቦ ጽልዋ እንታይ ኢዩ?** መንግስቲ ብምኽንያት እዚ ሕማም ኮሮና ቫይረስ እዚ ዝስዕብ ውሳነ የሕሊፉ ኣሎ።

- ብዙሓት ድኳናት ክዕጸዋ። እዚ ግን ነተን ኣብ ማዓልታዊ ሂወትና ዘገድሳ ትካላት ከም ሱፐርማርኬት ኣይጸሉን ኢዩ።
- ኩለን ስፖርታዊ ትካላት ከም ፊትነስ ስቱዲዮ፣መሐንበሲ፣ መጻወቲ ሜዳ ዕጹው ኢዩ።
- ባራት፣ክለብ፣ ለይታዊ ትልሂት፣ ናይ ድራማ በታ፣ኮንሰርት፣ቤተ መዘክር፣ሲኒማታት፣መካነ እንስሳታት፣መጻወቲ ኣዳራሽ ዕጹው ኢዩ።
- ቤት መግቢ ካብ ሰዓት 6 ክሳብ ሰዓት 18 ጥራይ ክኽፈት ይፍቀድ።
- ሃይማኖታዊ ምትእኽኻብ ናኣብነት፣ ቤተክርስትያን፣ መስጊድ ከምኡ ውን መጸለዪ ቦታ ናይ ካልኦት ሃይማኖታት ክኽፈት ኣይፍቀድን ኢዩ።
- መገሻ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ካብ ሃገር ወጻኢ ኣይፍቀድን ኢዩ።ሆቴላት ንኣገዳሲ ነገራት ጥራሕ ትዘይ ኮይኑ ንበጻሕቲ ከካርያ ኣይፍቀድን።

**ምምሕዳር ዞባ ባደን ቩቱምበርግ ብምኽንያት ኮሮና ቫይረስ እዚ ዝስዕብ ውሳነ የሕሊፉ ኣሎ።**

- መዋእለ ህጻናትን ቤትትምህርታትን ኽሳብ ዕለት 18 ሚያዝያ መወዳእታ ናይ ኦስተርን በዓል ዕጹው ኢዩ።
- ንኣገዳሲ ጉዳይ እንተዘይኮይኑ ሕክምናን መዕቆቢ ዓበይትን ንበጻሕቲ ኩልኩል ኢዩ።
- ኣብ ዕጹው ገዛ ካብ 100 ሰባት ንላዕሊ ምእካብ ኩልኩል ኢዩ።ብተወሳኺ ኣገደስቲ ንዘይኮኑ ኣጋጣሚታት ክስረዙ ኣለዎም።
- ኣገዳሲ ንዘይኮነ ማሕበራዊ ርኽባት ብዉሑድ ቁጽሪ ክኸውን ይግባኣ።
- ዓበይቲ ሰባት ምስ ቆልዑ ክውዕሉ የብሎምን።ምኽንያቱ ዋላ እኳ ቆልዑ በዚ ሕማም ተጠቃዕቲ እንተኾኑ፣ ምልክታት እዚ ሕማም ግን ቀልጢፉ ኣይረኣዮምን።
- ኣስራሕቲ ን ሰራሕተኛታት ካብ ናይ ገዛ ዝስራሕ ተወሳኺ ስራሕን ተወሳኺ ሰዓታትን ከጉድሉ ኣለዎም።
- መሰረታዊ ደረጃ፣ እቲ ኣግዳሲ ዝኮነ ነግራት ትራሕ ኪስራሕ ኣልዎ ዝተርፈ ቀጻሊ ሶሙናት ይርአ።

**7.ቆጾራ ናብ ቤት ጽሕፈታት ኪሕዝ ይኽል ዶ?**

ኣብ ቡዙሓት ከተማታት፣ ዓድታትን ኾማኡ ውን ዞባዊ ምምሕዳራትን ቤትጽሕፈታት ተዓጹ ይርከብ ውይ ዉን ብትሑት ቁጽሪ ህዝባዊ ርክባት ይክፈት። እንድሕር ደኣ ን ኣዙ ኣገዳሲ ኪጽኒሕ ዘይከል ጉዳይ ቆጸራ ደሊኩም፣ ብተለፎን ወይ ውን ኣብ ዌብ ሳዪት ናይቲ ቤትጽሕፈት ኣቲኩም ሓበርታ ሃቡ።

**8.እንታይ ማለት አዩ ኣብ ገዛ ኳራንቲ?**

**ንስኻ ወይ ውን ስድራቤትካ በዚ ሕማም እዚ እንተጠቂዕኻ ኣብ ኳራንቲ ኪትጸንሑ ይግበር። እንታይ ማለት እዩ አዚ እንቴልና፣ እቲ ተጠቅዐ ኣካል አንትደኣ ገዝኡ ወይ ውን መደቐሲኡ ናቱ ዝኮነ መሕጸቢ ሰብነትን ኣይኒ መድሪ ኣልዎ ዝወሓደ ን 14 መዓልቲ ንከይወጽእ ይግደድ። እዚ ብጣዕሚ ከቢድ ዝኮነ ሃዋህው እዩ ብፍላይ ቆልዑ እንትሃሊዮም። እቲ ኣገዳሲ ነገር ግን፣ ምስ ኣዝማድኩም ኸምኡ ውን ምስ መሓዝትኩም ብ ተልፎን ጥራሕ ምስ ዝከውን ርክብኩም እዩ።**

**ዝኮነ ሰብ ኣብቲ ትንብርሉ ዘልኩም ቦታ ብዚ ሕማም ተተለኪፉ፣ ብምልኡ ነባሪ ኣብቲ ቦታ ወይ ድማ ብኽፊል ኣብ ኳራንቲ ከም ትጸንሑ ይግበር። ብሓንሳብ ኮንኩም እቶም ተቆማጦ ኽትጥይቁ ትከሉ እኩም፣ ነቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ኩነታት ዝምልከት። ን ኣብነት ነጻ ዝኮነ ናይ ኢንተርነት ዝርጋሔ ኽትረክቡ። ብዝትረፈ ውን ምስቶም ዝምልከቶም ኣካላት ብዛዕባ ናይ መግቢ ቀረባት ኣብ ቦታኩም ኪመጽ ዝከል ተኾይኑ ኽትውከስዎም ኣልኩም።**

**ሓፈሻዊ ተሌፎን ሆት ላይን ቢዛዕባ ኾሮና ቫይረስ**

ሃገራዊ ጥዕና ቤትጽሕፈት ካብ ሶኑይ ክሳብ ሰምበት ዘሎ ግዝያት ካብ ሰዓት 9 ኪሳብ ሰዓት 18 ብዛዕባ ኾሮና ቫይረስ ዘልኩም ሕቶታት ኽትቅርቡ አዚ ቴሌፎን ቁጽሪ ኽትጥቀሙ ተፍቕደልኩም፣ 0711/904-39555

Europa fördert
Asyl-, Migrations-, Integrationsfonds

Ein Teil dieses Informationsblattes ist übernommen aus einem Informationsblatt der Johanniter Unfall-Hilfe

*Projekt „Welcome 2 Baden-Württemberg“*
Dieses Projekt wird aus Mitteln des Asyl-, Migrations- und Integrationsfonds und der UNO Flüchtlingshilfe kofinanziert.

Europäische Union

UNO Flüchtlingshilfe
Deutschland für den UNHCR.